# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 23 ዓመት ቑ.2 መቐለ
271/2008 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

23ኛ ዓመት ቁ1 መቐለ
271/2008 ዓ.ም


**ቑፅሪ ኣዋጅ 271/2008 ዓ/ም**

**ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ።**

መንግስቲ ሒዝዎ ዘሎ መንገዲ ምዕባለን ህንፀት ስርዓት ዲሞክራስን ቀፃልነት ክህልዎ ንግዕዝይናን ብልሽዉ ኣሰራርሓን ዘይሽከምን ብብቕዓት ክዋጋእ ድልዊ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንምፍጣርን ፍሉይ ትኹረት ምሃብ ዘድሊ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ዝተመሓየሸ መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ ኣዋጅ 208/2003 ዓ.ም ኣብ ምዕራይ፣ ኣብ ክስን መረዳእታ ኣብ ምእካብን ግልፂ ብምግባር ምምሕያሽን ሓደሽቲ ድንጋገታት ክካተቱ ምግባርን ኣድላይ ብምዃኑ፣

ኣብ ህዝባዊ ትካላት ገበናት ግዕዝይና ከይፍፀም ምክልኻልን ምቁፅፃርን ገበናት ግዕዝይና እንትፍፀሙ'ውን ስልጣን ምዕራይን ምኽሳስን ንኮሚሽን ምሃብ ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/መሰረት እዚ ኣዋጅ ኣዉፂኡ ኣሎ።

**አዋጅ ቁጥር 271/2008 ዓ/ም**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ ምግባርና ፀረ-ሙስና ኮሚሽን ስልጣንና ተግባር ለመወሰን ተሻሽሎ የወጣ አዋጅ።**

መንግስት የያዘዉን የእድገት መንገድና የዲሞክራሲ ስርዓት ግንባታ ቀጣይነት እንዲኖረው ሙስና እና ብልሹ አሰራር የማይሸከምና በብቃት ለመዋጋት ዝግጁ የሆነ ህብረተሰብ ለመፍጠር ልዩ ትኩረት መስጠት የሚያስፈልግ መሆኑ ስለታመነበት፣

የተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ-ምግባርና ፀረ-ሙስና ኮሚሽን ማቋቋምያ አዋጅ ቁጥር 208/2003 ዓ.ም በምርመራ፣በክስና መረጃ በማሰባሰብ ግልፅ በማድረግ ማሻሻልና አዳዲስ ድንጋጌዎች እንዲካተቱ ማድረግ አስፈላጊ በመሆኑ፣

በህዝባዊ ድርጅቶች ዉስጥ የሙስና ወንጀል እንዳይፈፀም መከላከልና መቆጣጠር የሙስና ወንጀሎች ሲፈፀሙም የመመርመርና የመክሰስ ስልጣን ለኮሚሽኑ መስጠት አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣዉ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት ይህ አዋጅ አዉጥቷል።




ናይ ሓደ ዋጋ / ያንዱ ዋጋ } ብር 5.90

ነጋሪት ጋዜጣ ቑ.ፓ.ሳ / ነጋሪት ጋዜጣ ፓ.ሳ.ቁ } 291

**ክፍሊ ሓደ**

**ሓፈሻዊ**

**ዓንቀፅ 1.ሓፂር ርእሲ፡**

እዚ ኣዋጅ "ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ "ተባሂሉ ይጥቀስ።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም፡**

1. "ኮሚሽን" ማለት ኮሚሽን ስነ- ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፣
2. "ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን" ማለት ከም ቅደም ሰዓቡ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን ኮሚሽን እዩ፣
3. "ሰብ" ማለት ተፈጥሮኣዊ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃቦ 'ዩ፣
4. "ቤት ፅዮ መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሕጊ ዘጣየሾን ብሙሉእ ወይ ብኽፋል በጀት ዝምድበሉን እዩ፣
5. "ትካል ልምዓት መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል በጀት ዝምድበሉ ትካል ልምዓት ወይ ማሕበር ኣክስዮን እዩ፣
6. "ሰብ መዚ መንግስቲ" ማለት ርእሰ ምምሕዳርን ምክትል ርእሰ ምምሕዳርን ፣ኣማኸርቲ ርእሰ ምምሕዳር፣ ኣፈ. ጉባኤን ምክትል ኣፈ. ጉባኤን፣ ኣማኸርቲ ኣፈ. ጉባኤ ክልል፣ ኣካብን ምክትል ኣካብን ቀዋሚ ኮሚቴ ቤት ምኽሪ፣ሓለፍን ምክትል ሓለፍን ቢሮ፣ ፕረዚዳንትን ምክትል ፕረዚዳንትን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ዳያኑን ረጅስትራርን ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ፣ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን፣ ሓላፍን ምክትል ሓላፍን

**ክፍል አንድ**

**ጠቅላላ**

**አንቀፅ 1·አጭር ርእስ፡**

ይህ አዋጅ "የትግራይ የስነ ምግባርና የፀረ ሙስና ኮሚሽን ስልጣንና ተግባር ለመወሰን የወጣ አዋጅ "ተብሎ ይጠቀሳል።

**አንቀፅ 2.ትርጉም፡**

1. "ኮሚሽን" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ-ምግባርና የፀረ-ሙስና ኮሚሽን ነው፣
2. "ኮሚሽነርና ምክትል ኮሚሽነር" ማለት እንደ ቅደም ተከተሉ የኮሚሽኑ ኮሚሽነር እና ምክትል ኮሚሽነር ነው፣
3. "ሰው" ማለት የተፈጥሮ ወይም በሕግ የሰውነት መብት የተሰጠው ነው፣
4. "የመንግስት መስርያ ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በህግ ያቋቋመውና በሙሉ ወይም በከፊል በጀት የሚመድብለት ነው፣
5. "የመንግስት የልማት ድርጅት"ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በሙሉ ወይም በከፊል በጀት የሚመደብለት የልማት ድርጅት ወይም አክስዮን ማሕበር ነው፣
6. "የመንግስት ባለ ስልጣናት" ማለት ርዕሰ መስተዳድርና ምክትል ርዕሰ መስተዳድር፣ የርዕሰ መስተዳድሩ አማካሪዎች፣ አፈ-ጉባኤና ምክትል አፈ-ጉባኤ፣የክልል አፈ ጉባኤ አማካሪዎች ፣ የምክር ቤት ቋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢና ምክትል፣ቢሮ ሃላፊዎችና ምክትል ቢሮ ሃላፊዎች፣የጠቅላይ ፍ/ቤት ፕረዚደንትና ምክትል ፕረዚደንት፣ የከፍተኛ ፍርድቤት ዳኞችና ሬጅስትራሮች፣ ኮሚሽነርና ምክትል

ኤጀንሲ፣ ዋና ኦዲተርን ምክትል ዋና ኦዲተርን፣ሓላፍን ምክትል ሓላፍን ቤት ፅሕፈት፣ ሓላፍን ምክትል ሓላፍን ኢንተርፕራይዝ፣ ሓላፍን ምክትልሓላፍን ኢንስቲዩቲት፣ዋና ዳይሬክተርን ምክትልዋና ዳይሬክተርን መንግስታዊ ቤት ፅዮ፣ ሓላፍን ምክትል ሓላፍን ትካል ልምዓት መንግስትን ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ዝርከቡ ሰብ መዚ፣ ዋና ኣመሓዳርን ምክትል ዋና ኣመሓዳርን ዞባ፣ኣማኻሪ ዋና ኣማሓዳርን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዞባን፣ፕረዚደንታት ማእኸላይን ወረዳንኣብያተ ፍርድን ኣብዞም ብርክታት ዝርከቡ ዳያኑን ረጅስትራርን ከምኡዉን ብብርኪ ዞባ ዝርከቡ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅዮ የጠቓልል፣ ከንቲባን ምክትል ከንቲባን ከተማ፣ኣማኻሪ ከንቲባ ከተማ፣ ኣካያዲ ስራሕ ቤት ማዘጋጃ፣ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት፣ኣፈ ጉባኤን ምክትል ኣፈ ጉባኤን ቤት ምኽሪ ወረዳን ክፍለ ከተማን፣ኣካብን ምክትል ኣካብን ቀዋሚ ኮሚቴ ወረዳን ክፍል ከተማን ቤት ምኽሪ ፣ ዋና ኣማሓዳርን ምክትል ዋና ኣመሓዳርን ወረዳን ክፍለ ከተማን፣ኣማኻሪ ዋና ኣማሓዳሪ፣ቤት ፅሕፈት ሓላፍን ምክትል ሓላፍን ወረዳን ክፍለ ከተማን ኣብ ተመሳሳሊ ብርኪ ዝርከቡ ሰብ መዚ ወረዳን የጠቓልል፣

7. "ሰራሕተኛ መንግስቲ" ማለት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 6 ካብ ዝተጠቐሱ ወፃኢ ኣብ ቤት ፅዮ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት መንግስቲ እዚ ክልል ተቖፂሩ፣ ተሸይሙ፣



ኮሚሽነር፣የኤጀንሲ ሃላፊና ምክትል ሃላፊ፣ ዋና ኦዲተርና ምክትል ዋና ኦዲተር፣ የፅሕፈት ቤት ሓላፊና ምክትል ሃላፊ፣ የኢንተርፕራይዝ ሃላፊና ምክትል ሃላፊ፣ የኢንስቲዩቲት ሃላፊና ምክትል ሃላፊ፣ የመንግስት መስርያ ቤት ዋና ዳይሬክተርና ምክትል ዋና ዳይሬክተር፣የመንግስት የልማት ድርጅት ሃላፊና ምክትል ሃላፊ፣በተመሳሳይ ደረጃ የሚገኙ ባለስልጣኖች፣ የዞን ዋና አስተዳዳሪ እና ምክትል ዋና አስተዳደሪ፣ የዞን የዋና አስተዳዳሪ አማካሪና የፅሕፈት ቤት ሃላፊ፣የከፍተኛና የወረዳ ፍ/ቤት ፕረዚደንቶችና በነዚህ ደረጃዎች የሚገኙ ዳኞችና ረጂስትራር እንዲሁም በዞን ደረጃ የሚገኙ የመስርያ ቤት ሃላፊዎች ያጠቃልላል፣ የከተማ ከንቲባና ምክትል ከንቲባ፣ የከተማ ከንቲባ አማካሪ፣የማዘጋጃ ቤት ስራ አስከያጅ፣ የፅሕፈት ቤት ሓላፊ፣ የወረዳ፣የከተማና ክፍለ ከተማ ምክር ቤት አፈ-ጉባኤና ምክትል አፈ-ጉባኤ፣የወረዳና ክፍለ ከተማ ምክር ቤት የቋሚ ኮሚቴ ሰብሳቢና ምክትል ሰብሳቢ፣የወረዳና ክፍለ ከተማ ዋና አስተዳደሪና ምክትል ዋና አስተዳዳሪ፣የወረዳ ዋና አስተዳዳሪ አማካሪ፣የወረዳና የክፍለ ከተማ ፅሕፈት ቤትና ምክትል ሓላፊ በተመሳሳይ ደረጃ የሚገኙ የወረዳ ባለስልጣናት ያጠቃልላል፣

7. "የመንግስት ሰራተኛ" ማለት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 6 ውስጥ ከተጠቀሱት ውጭ በክልሉ የመንግስት መስርያ ቤት ወይም የልማት ድርጅት ውስጥ ተቀጥሮ፣ ተሾሞ፣

ተመዲቡ ወይ ብህዝቢ ተመሪፁ ዝሰርሕ ተፈጥራዊ ሰብ እዩ፣

8. "ህዝባዊ ትካል" ማለት ብዝኾነ ኣገባብ ካብ ኣባላት ወይ ካብ ህዝቢ ዝተኣከበ ወይ ንህዝባዊ ግልጋሎት ተሓሲቡ ዝተኣከበ ገንዘብ ፣ንብረትወይ ካልእ ሃፍቲ ዘመሓድር ኣካልን ኣግባብ ዘለዎ ኩባንያን ዘካትት ዉልቀ ዘፈር እንትኾዉን ዝስዕቡ ኣይሓዉስን፦

ሀ) ትካላት ሃይማኖት፣

ለ) ፖለቲካዊ ዉድብ

ሐ) ዓለም ለኻዊ ትካል

መ)እድርን ተመሳሳሊ ባህላዊ ወይ ሃይማኖታዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ማሕበርን

9. "ሰብ መዚ ህዝባዊ ትካል" ማለት መራሒ ትካል ወይ ሓላፊ ወይ ፈፃሚ ስራሕ ወይ ስራሕ ኣካያዲ ትካል ፣ሓለፊ ቦርድ፣ኣባል ቦርድ ዳይረክተራት፣ሓላፊ ክፍሊ ወይ ሓለፊ ከይዲ ስራሕ፣ማሕበር ኣክስዮን ወይ ትካል ገባሪ ሰናይ ዝዉድብ ሰብ ኮይኑ ኣባል ኮሚቴ የካትት፣

10."ሰራሕተኛ ህዝባዊ ትካል" ማለት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 9 ካብ ዝተጠቐሱ ወፃኢ ኣብ ህዝባዊ ትካል ተቖፂሩ፣ተመዲቡ ወይ ብኣባላት ተመሪፁ ብቐዋምነት ወይ ብጊዚያዊነት ዝሰርሕ ተፈጥሯዊ ሰብ እዩ።

11."ገበን ግዕዝይና"ማለት ገበን ግዕዝይና ንምድንጋግ ኣብ ዝወፀ ኣዋጅ ፌደራል ቁፅሪ 881/2007ዓ.ም ዝተደንገጉ ገበናት ግዕዝይና እዮም፣



ተመድቦ ወይም በህዝብ ተመርጦ የሚሰራ የተፈጥሮ ሰው ነው፣

8. "ህዝባዊ ድርጅት" ማለት በማንኛዉም አግባብ ከአባላት ወይም ከህዝብ የተሰበሰበ ወይም ለህዝባዊ አገልግሎት ታስቦ የተሰበሰበ ገንዘብ፣ንብረት ወይም ሌላ ሃብት የሚያስተዳድር አካልና አግባብነት ያለዉ ኩባንያን የሚያካትት የግል ዘርፍ ሲሆን፣ የሚከተሉትን አያካትትም፦

ሀ) የሃይማኖት ድርጅትን

ለ) የፖለቲካ ድርጅት (ፓርቲ)

ሐ) የአለም አቀፍ ድርጅትን እና

መ) ዕድርና ተመሳሳይ ባህላዊ ወይም ሃይማኖታዊ ይዘት ያለዉ ማሕበርን

9. "የህዝባዊ ድርጅት ባለስልጣናት"ማለት የድርጅት መሪ ወይም ሃላፊ ወይም ስራ አስፈፃሚ ወይም ስራ አስኪያጅ፣የቦርድ ሃላፊ፣የዳይሬክተሮች ቦርድ አባል፣የክፍል ሃልፊ ወይም የስራ ሂደት ሃላፊ፣የአክስዮን ማህበር ወይም የበጎ አድራጎት ድርጅት የሚያደራጅ ሰዉ ሆኖ የኮሚቴ አባል ያካትታል፣

10. "የህዝባዊ ድርጅት ሰራተኛ" ማለት በዚህ አንቀፅ ንኡስ ዐንቀፅ 9 ከተጠቀሱት ውጪ በህዝባዊ ድርጅት ዉስጥ ተቀጥሮ፣ተመድቦ ወይም በአባላት ተመርጦ በቋሚነት ወይም በጊዚያዊነት የሚሰራ የተፈጥሮ ሰው ነው።

11."የሙስና ወንጀል"ማለት የሙስና ወንጀል ለመደንገግ በወጣው የፌደራል አዋጅ ቁጥር 881/2007ዓ.ም የተደነገጉት የሙስና ወንጀሎች ናቸው፣

12."ከቢድ ጥሕሰት ስነ ምግባር" ማለት ብመሰረት ደንቢ ስነ ምግባር ሰራሕተኛታት መንግስቲ እዚ ክልልን መተሓዳደሪ ደንቢ ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታት ኮሚሽንን ካብ ስራሕ ከባርር ዝኽእል ጥፍኣት'ዩ፣

13."ከቢድ ገበን ግዕዝይና" ማለት

ሀ/ ኣብ ዝለዓለ ስትራቴጅያዊ ረብሓ ዘለዎም ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን ዝፍፀሙ ልዕሊ 100,000ብር (ሚኢቲ ሽሕ) መጠን ገንዘብ ዘለዎም ገበናት ግዕዝይና ወይ፣

ለ/ ብሰብ መዚ መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን እዚ ክልል ዝፍፀሙ ገበናት ግዕዝይና ወይ፣

ሐ/ ቁጠባ፣ ሰላምን ፀጥታን እዚ ክልል ከምኡ'ውን ኣብ መነባብሮ ሕብረተሰብ ዝፍፀሙ ዝለዓለ ጉድኣት ዘብፅሑ ወይ ከብፅሑ ዝኽእሉ ገበናት ግዕዝይና እዮም፣

14."ሒሳብ ባንኪ" ማለት ኣብ ባንኪ ከምኡ'ውን ትካላት ፋይናንስ ዝተቐመጠ ገንዘብ፣ወርቅን ካልኦት ክቡር ዋጋ ዘለዎም ኣቕሑትን ከምኡ'ውን ሓደ ዓሚል ምስ ባንኪ ዝገብሮም ዝኾነ ዓይነት ርክብ ሃፍቲ ወይ ልውውጥ ዝሓወሰ እዩ፣

15."ኣዋጅ" ማለት ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ብሔራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምዉሳንን ንምምሕያሽን ዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 271/2008 ዓ.ም እዩ፣

12. "ከባድ የስነ ምግባር ጥሰት" ማለት በክልሉ የመንግስት ሰራተኞች የስነ ምግባር ደንብ እና በኮሚሽኑ የአላማ ፈፃሚ ሰራተኞች መተዳደርያ ደንብ መሰረት ከስራ ሊያሰናብት የሚችል ጥፋት ነው፣

13. "ከባድ የሙስና ወንጀል" ማለት

ሀ/ ከፍተኛ ስትራቴጅያዊ ጠቀሜታ ባላቸው የመንግስት መስርያ ቤቶች፣ የመንግስት የልማት ድርጅቶችና ህዝባዊ ድርጅቶች የሚፈፀሙ ከ100,000 ብር በላይ የገንዘብ መጠን ያላቸዉ የሙስና ወንጀሎች ወይም፣

ለ/በክልሉ የመንግስትና ህዝባዊ ድርጅቶች ባለስልጣናት የሚፈፀሙ የሙስና ወንጀሎች ወይም፣

ሐ/በክልሉ ኢኮኖሚ፣ ሰላምና ፀጥታ እንዲሁም በህብረተሰቡ ኑሮ ላይ ከፍተኛ ጉዳት የሚያደርሱ ወይም ሊያደርሱ የሚችሉ የሙሱና ወንጀሎች ናቸው፣

14. "የባንክ ሂሳብ" ማለት በባንክ እንዲሁም በፋይናንስ ተቋማት የተቀመጠ ገንዘብ፣ ወርቅና ሌሎች ውድ ዋጋ ያላቸዉ እቃዎች እንዲሁም አንድ ደንበኛ ከባንኩ ጋር የሚያደርጋቸው ማናቸውንም የሃብት ግንኙነቶች ወይም ልውውጥ የሚያጠቃልል ነው፣

15. "አዋጅ" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ- ምግባርና የፀረ-ሙስና ኮሚሽን ስልጣንና ተግባር ለመወሰን እና አዋጅ ቁጥር 271/2008ዓ.ም ለማሻሻል የወጣ ነዉ፣

16."ጠቋሚ" ማለት ተፈፂሙ ወይ ክፍፀም እዩ ኢሉ ዝኣመኖ ገበን ግዕዝይና ዝምልከት ሓበሬታ ኣግባብ ንዘለዎ ኣካል ወይ ንኻልእ ፍትሒ ኣካል፣ ንመንግስታዊ ቤት ፅዮ ፣ንትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ንህዝባዊ ትካል ወይ ንላዕለዋይ ሓላፊ ህዝባዊ ትካል ወይ ብሕጊ ወይ ብመምርሒ ገበን ግዕዝይና ጥቆማ ክቕበል ሓላፍነት ንዝተዉሃቦ ካልእ ኣካል ዘቕርብ ሰብ እንተኾይኑ ነዞም ዝተጠቐሱ ኣካላት ጥቆማ እንተዘየቕረበ'ዉን ገበን ግዕዝይና ዝተፈፀመሉ ዋኒን ኦዲት ዝገብር ወይ ኣብ ኦዲት ተግባሩ ዝተፈፀመ ግዕዝይና ዘቃለዐ ኦዲተርን ጥቆማ ዘፃሪ ወይ ዝምርምር ሰብ የካትት፣

17."ክፍሊ ክትትል ስነ-ምግባር" ማለት ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ተግባራት ፅቡቕ ስነ-ምግባር ንምስፍሕፋሕ ዝሰርሕ ኣብ ሕድሕድ ቤት ፅዮ መንግስቲ፣ ትካል ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካልን ዘሎ ማሓውር እዩ፣

18."ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላት" ማለት መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን እዮም፣

19."ኣግባብነት ዘለዎ ኩባንያ" ማለት ብህዝባዊ ትካል ዝተጣየሸ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ኩባንያ እንተኾይኑ እዚ ዓይነት ኩባንያ ምስ ካልኦት ዘጣይሾ ማሕበር ሽርክና ዘጠቓልል እዩ።

16. "ጠቋሚ" ማለት ተፈፅመዋል ወይም ሊፈፀም ነዉ ብሎ ያመነዉን የሙስና ወንጀል የሚመለከት መረጃ አግባብ ላለዉ አካል ወይም ለሌላ የፍትህ አካል፣ ለመንግስት መስርያ ቤት፣ለመንግስት የልማት ድርጅት ወይም ለህዝባዊ ድርጅት ወይም ለህዝባዊ ድርጅት የበላይ ሃላፊ ወይም በህግ ወይም በመመሪያ የሙስና ወንጀል ጥቆማን እንዲቀበል ሃላፊነት ለተሰጠዉ ሌላ አካል የሚያቀርብ ሰዉ ሲሆን ለእነዚህ ለተጠቀሱት አካላት ጥቆማ ባያቀርብም የሙስና ወንጀል የተፈፀመበትን ጉዳይ ኦዲት የሚያደርግ ወይም በኦዲት ከተደረገ በኃላ ሙስና መፈፀሙን ያጋለጠ ኦዲተር እና ጥቆማን የሚያጣራ ወይም የሚመረምር ሰዉን ያካትታል፣

17. "የስነ ምግባር ክትትል ክፍል" ማለት ሙስናና ብልሹ አሰራርን ለመከላከልና ለመቆጣጠር ፣መልካም ስነ ምግባር ለማስፋፋት የሚሰራ በእያንዳንዱ የመንግስት መስርያ ቤት፣ የመንግስት የልማት ድርጅትና ህዝባዊ ድርጅት ያለ መዋቅር ነው፣

18. "አግባብነት ያላቸው አካላት" ማለት የመንግስት መስርያ ቤቶች ፣የመንግስት የልማት ድርጅቶችና ህዝባዊ ድርጅቶች ናቸው፣

19. "አግባብነት ያለው ኩባንያ" ማለት በህዝባዊ ድርጅት የተቋቋመ ሃላፊነቱ የተወሰነ ኩባንያ ሲሆን እንደዚህ ዓይነት ኩባንያ ከሌሎች ጋር የሚያቋቁመውን የሽርክና ማህበር የሚያጠቃልል ነው።

ገፅ 6 የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ አዋጅ ቁ. 271/2008ዓ.ም

**ዓንቀፅ 3.ኣገለልፃ ቃላት፡**

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፁ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ'ውን ዝሓውስ'ዩ።

**ዓንቀፅ 4.ዕላማታት ኮሚሽን፡**

1. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ትምህርቲ ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብምስፍሕፋሕ ዝነቕሐን ንግዕዝይና ዘይሽከምን ሕብረተሰብ ክፍጠር ፃዕሪ ምግባር፣
2. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ንገበን ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ምክልኻል፣
3. ገበን ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ምክትታል፣ ምፅራይን ምኽሳስን።

## ክፍሊ ክልተ
## ምጥያሽ፣ ኣወዳድባ ፣ ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን

**ዓንቀፅ 5.ምጥያሽ ኮሚሽን፡**

1. ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዳግም በዚ ኣዋጅ ተጣይሹ ኣሎ፣
2. ተፀዋዕነት ኮሚሽን ንርእሰ ምምሕዳር ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 6.ኣወዳድባ**

እዚ ኮሚሽን፣

1. ብርእሰ ምምሕዳር ዝሽየሙ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን፣
2. ስርሑ ንምፍፃም ዘድልይዎ ካልኦት ሰራሕተኛታት ይህልውዎ።

**ዓንቀፅ 7.ነፃነት ስራሕ ኮሚሽን**

ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተሓገገ እንተሃለወ'ውን እዚ ኮሚሽን ኣብ ዘፃርዮም ፣ ክሲ

**አንቀፅ 3.የፆታ አገላለፅ፡**

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተገለፀዉ ሁሉ ለሴት ፆታም የሚያካትት ነዉ።

**አንቀፅ 4.የኮሚሽኑ ዓላማዎች፡**

1. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር የስነ ምግባርና የፀረ ሙስና ትምህርት በማስፋፋት የነቃ እና ሙሱናን የማይሸከም ሕብረተሰብ እንዲፈጠር ጥረት ማድረግ፣
2. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር የሙሰና ወንጀል እና ብልሹ አሰራርን መከላከል፣
3. የሙስና ወንጀል እና ብልሹ አሰራርን መከታተል፣መመርመርና መክሰስ።

## ክፍል ሁለት
## ስለኮሚሽኑ መቋቋም ፣አደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር

**አንቀፅ 5. የኮሚሽኑ መቋቋም፡**

1. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የስነ-ምግባርና የፀረ ሙስና ኮሚሽን እንደገና በዚህ አዋጅ ተቋቁሟል፣
2. የኮሚሽኑ ተጠሪነት ለትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ርዕሰ መስተዳድር ይሆናል።

**አንቀፅ 6.አደረጃጀት**

ኮሚሽኑ፣

1. በርዕሰ መስተዳድሩ የሚሾሙ ኮሚሽነርና ምክትል ኮሚሽነር፣
2. ስራውን ለመፈፀም የሚያስፈልጉት ሌሎች ሰራተኞች ይኖሩታል።

**አንቀፅ 7.ስለ ኮሚሽኑ የሥራ ነፃነት**

በዚህ አዋጅ አንቀፅ 5 ንኡስ አንቀፅ 2 የተደነገገው ቢኖርም ኮሚሽኑ በሚመረምራቸው፣

ዝምስርተሎም ወይ ዝኸሰም ዋኒናት ካብ ኢድ ኣእታውነትን ፅዕንቶን ኣካላት ፈፃሚ ስራሕን ካልኦት ኣካላትን ነፃ ኮይኑ ብመሰረት ሕጊ ዝተውሃቦ ስልጣን ይሰርሕ።

**ዓንቀፅ 8.ዋና ቤት ፅሕፈት**

ዋና ቤት ፅሕፈት እዚ ኮሚሽን ኣብ መቐለ ኮይኑ ከም ኣድላይነቱ ኣብ ዞባንወረዳን ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ክህልዎ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 9.ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን**

ብኻልኦት ሕግታት ንኮሚሽን ዝተዉሃበ ስልጣንን ተግባርን ሕልዉ ኮይኑ፡

1. ሞያዊ ብቕዓትን ስነ-ምግባርን ሰራሕተኛ ንምዕባይ ስራሕቲ ህንፀት ዓቕሚ የካይድ፣
2. ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ብዛዕባ ግዕዝይናን ሓደግኡን ህዝቢ ንኽርዳእን ኣተሓሳስብኡ ንኽዓብን ምምሃር፣ ኣብ ህዝባዊ ግልጋሎትን ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብን ፅቡቕ ስነ-ምግባር ምግፋሕ፣ ንግዕዝይናንብልሽው ኣሰራርሓን ምውጋእን ምትሕብባርን፣
3. ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓልዑ ወይ ከቃልዑ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ብምፅናዕ ወይ ክፅንዑ ብምግባርን ኽማሓየሹ ምምኻርን ምትሕስሳብን፣ እቶም ስርዓት ኣሰራርሓታት ዝተማሓየሹ ምኻኖም ምክትታል ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ግቡእ ዝኾነ ስጉምቲ ክውስድ ወይ ውሳነ ክወሃበሉ ንዝምልከቶ ኣካል ብምፍላጥ ወይ ብምትሕስሳብ

ክስ በሚመሰርትባቸው ወይም ክሰ በመሰረተባቸው ጉዳዮች ላይ ከማንኛውም ፈፃሚ አካልና ሌሎች አካላት ጣልቃ ገብነትና ተፅዕኖ ነፃ ሆኖ በህግ በተሰጠው ስልጣን መሰረት ይሰራል።

**አንቀፅ 8.ዋና ፅሕፈት ቤት**

የኮሚሽኑ ዋና መስርያ ቤት መቐለ ሆኖ እንደ አስፈላጊነቱ በዞንና ወረዳ ቅርንጫፍ ፅሕፈት ቤት ሊኖረው ይችላል።

**አንቀፅ 9.የኮሚሽኑ ስልጣንና ተግባር**

በሌሎች ህጎች ለኮሚሽኑ የተሰጠዉ ስልጣንና ተግባር እንደተጠበቀ ሆኖ፥

1. የሰራተኞቹ ሞያዊ ብቃትና ስነ-ምግባር ለማሳደግ የአቅም ግንባታ ስራዎች ያካሄዳል፣
2. ከሚመለከታቸው አካላት ጋር በመተባበር ስለሙስና እና ጎጂነቱ ህዝቡ እንዲረዳ እና አስተሳሰቡ እንዲጎለብት ማስተማር፣ በህዝብ አገልግሎት እና በህብረተሰብ ውስጥ መልካም ስነ-ምግባር ማስፋፋት፣ ሙስናን እና ብልሹ አሰራርን መዋጋትና ማስተባበር፣
3. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር በመንግስት መስርያ ቤቶች፣ በመንግስት የልማትና ህዝባዊ ድርጅቶች ውስጥ ለሙስና እና ብልሹ አሰራርየተጋለጡና ሊጋለጡ የሚችሉ የአሰራር ሰርዓቶች በማጥናት ወይም እንዲጠኑ በማድረግ እንዲሻሻሉ ማማከርና ማሳሰብ፣የአሰራር ስርዓቶቹ የተሻሻሉ መሆናቸውን መከታተል እና አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝም ተገቢ የሆነ እርምጃ እንዲወሰድ ወይም ውሳኔ እንዲሰጥ አግባብ ላለው አካል በማሳወቅ ወይም በማሳሰብ

ንግዕዝይና ምክልኻል፣ብኻልኦት ሰባት ወይ ኣካላት እንትሕተት ተመሳሳሊ ምኽርን ደገፍን ምሃብ፣

4. ምስ ምዕራይን ግቡእ ስጉምቲ ምዉሳድን ዝተተሓሓዘ፡

ሀ) ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን ከቢድ ምጥሓስ ስነ-ምግባር ዝተፈፀመ ንምኳኑ ሓበሬታ እንትረክብ ወይ ንምፍፃሙ እኹል ጥርጣረ እንትህልዎ የፃሪ ወይ ክፃረን ጉብእ ስጉምቲ ክውሰድን ይከታተል፣

ለ) ምስ ምዕራይን ክስን ዝተተሓሓዘ፡

1. ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ፣ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካላት ኣብ ኣዋጅ ገበን ግዕዝይናን ካልኦት ሕግታትን ዝተመልከቱ ገበናት ግዕዝይና ብሰበ ስልጣን ወይ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ፣ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካላት ወይ ብኻልኦት ሰባት ብዛዕባ ምፍፃሞም ወይ፣

2. ኣብዚ ኣዋጅ ኣብ ዓንቀፅ 22ን ኣብ ቁፅሪ ኣዋጅ 434/1997ዓ.ም ፌደራል ዝተሓገጉ ገበናት ግዕዝይና ብኣንፃር ስልጣንን ተግባርን እዚ ኮሚሽን ምስ ክስን ከይዲ ፍርድን ምትዕንቓፍ ዝተተሓሓዙ ገበናትን ብካልኦት ሕግታት ዝተሓገጉ ገበናት ብዝኾነ ሰብ ምፍፃሞም ሓበሬታ እንትረክብ ወይ እኹል ጥርጣረ እንትህልዎ የፃሪ ፣ ክሲ ይምስርት ወይ ክፃረን ክኽሰሰን ይገብር።



ሙሱናን የመከላከል፣ በሌሎች ሰዎች ወይም አካላት ሲጠየቅ ተመሳሳይ ምክርና ድጋፍ መስጠት፣

4. ከምርመራና ተገቢ እርምጃ ከመዉሰድ ጋር የተያያዘ፣

ሀ)በመንግስት መስርያ ቤቶች፣በመንግስት የልማትና ህዝባዊ ድርጅቶች ዉስጥ ከባድ የስነ-ምግባር ጥሰት ስለመፈፀሙ ጥቆማ ሲደርሰዉ ወይም በቂ ጥርጣሬ ሲኖረዉ ያጣራል ወይም እንዲጣራና ተገቢዉ እርምጃ እንዲወሰድ ይከታተላል፣

ለ)ከምርመርና ክስ ጋር የተያያዘ፡

1. በመንግስት መስርያ ቤቶች፣በመንግስት የልማት ድርጅቶች ወይም በህዝባዊ ድርጅቶች ውስጥ በሙስና ወንጀሎች አዋጅና በሌሎች ሕጎች የተመለከቱት የመስና ወንጀሎች በመንግስት መስርያ ቤቶች፣ በልማት ድርጅቶች ወይም በህዝባዊ ድርጅቶች ባለስልጣናት ወይም ሠራተኞች ወይም በሌሎች ሰዎች ስለመፈፀማቸው ወይም፣

2. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 22 እና በአዋጅ ቁጥር 434/1997 ዓ.ም የተደነገጉ ወንጀሎች ፣ ከኮሚሽኑ ሥልጣንና ተግባር አንፃር የሙስና ወንጀል ምርመራ፣ ክስና የፍርድ ሂደትን ከማደናቀፍ ጋር የተያያዙ ወንጀሎች እና በሌሎች ህጎች የተደነገጉ ወንጀሎች በማንኛውም ሰው ስለ መፈፀማቸው መረጃ ሲደርሰዉ ወይም በቂ ጥርጣሬ ሲኖረዉ ያጣራል፣ክስ ይመሰርታል ወይም እንዲመረመርና እንዲከሰስ ያደርጋል።

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተገለፀ እንተሃለወ'ውን፡

ሀ/ ካልእ ተግባር ገበን ምስ ገበን ግዕዝይና ተጣሚሩ ተፈፂሙ እንትርከብ ኮሚሽን ንኽልቲኡ ተግባራት ገበን የፃርን ይኸስስን፣

ለ/ገበን ግዕዝይና ተባሂሉ ክሲ ዝተመስረተሉ ተግባር ኣብ ከይዲ ክርክር ገበን ግዕዝይና ኮይኑ እንተዘይተረኺቡ'ውን እቲ ክርክር ክቕፅለሉ ስልጣን ኣለዎ፣

6. ኣብዚ ኣዋጅ ድንጋገ ዓንቀፅ 10ን 11ን ዝተገለፀ ምሃብ ውክልና ዝተሓለወ ኮይኑ፦

ሀ/ እዚ ኮሚሽን ብመሰረት ኣብ ፖሊሲ ገበን ምፅራይ ዝርከቡ ወይ ክሲ ዝተመስረተሎም ገበናት ግዕዝይና በቲ ገበን ዝተረኸበ ጥቕሚ ምስ ተመለሰ ብድርድር ክውድኡ ክገብር ይኽእል፡፡ገበን ግዕዝይና ብድርድር ዝውድኣሉ ኩነታት ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣

7. ኣብ ከይዲ ምፅራይ ገበን ግዕዝይና ብመሰረት ዝተማሓየሸ ፍሉይ ስነ ስርዓት መረዳእታ ሕጊ ፀረ-ግዕዝይናን ሕጊ ገበን ስነስርዓትን ዝኾነ ቐፅሪ ወይ ግቢ፣ቦታ ስራሕ፣ተሽከርካሪ፣መንበሪ ቦታ ወይ ዝኾነ ካልእ ንብረት ከም ኣድለይነቱ ምፍታሽን ምሓዝን፣

8. ምስ ገበን ግዕዝይና ዝተተሓሓዘ ኣብ ባንኪ ከምኡ'ውን ትካላት ፋይናንስ ዝተቐመጠ ገንዘብ ንምህላው እኹል ጥርጣረ ወይ መረዳእታ እንትህልዎ ኣብ ዝኾነ ባንኪ ከምኡ'ውን ትካላት ፋይናንስ ዝርከብ

5. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 4 የተገለፀው ቢኖርም፡

ሀ/ ሌላ ወንጀል ከሙስና ወንጀል ጋር ተጣምሮ ተፈፅሞ ሲገኝ ኮሚሽኑ ለሁለቱም የወንጀል ተግባሮች ይመረምራል ፣ይከሳል

ለ/የሙስና ወንጀል ተብሎ ክስ የተመሰረተበት ድርጊት በክርክር ሂደት የሙሰና ወንጀል ሆኖ ባይገኝም የክሱ ክርክር የመቀጠል ስልጣን አለው፣

6. በዚህ አዋጅ ድንጋጌ አንቀፅ 10 ና 11 የተገለፀው ውክልና የመስጠት ጉዳይ እንደተጠበቀ ሆኖ፦

ሀ/ ኮሚሽኑ በፖሊስ የወንጀል ምርመራ መሰረት በማድረግ የሚገኙ ወይም ክስ የተመሰረተባቸው የሙስና ወንጀሎች በወንጀሉ የተገኘ ጥቅም ከተመለሰ በኃላ በድርድር እንዲያልቁ ማድረግ ይችላል፡፡ የሙስና ወንጀሎች በድርድር ስለሚጠናቀቅበት ሁኔታ በሚወጣ ደንብ ይወሰናል፣

7. በሙስና ወንጀል የማጣራት ሂዴት በተሻሻለው የፀረ-ሙስና ልዩ የማስረጃ ስነ ስርዓት ሕግና የወንጀል ሕግ ስነ ስርዓት መሰረት ማናቸውም ቅጥር ግቢ፣ የስራ ቦታ፣ ተሽከርካሪ ወይም ሌላ ንብረት እንደየ አስፈላጊነቱ የመፈተሽ የመበርበርና የመያዝ፣

8. ከሙስና ወንጀል ጋር በተያዘ በባንክ እንዲሁም በፋይናንስ ተቋማት የተቀመጠ ገንዘብ ለመኖሩ በቂ ጥርጣሬ ወይም መረጃ ሲኖረው በማናቸውም ባንክ እንዲሁም በፋይናንስ ተቋማት የሚገኝ የተጠርጣሪዎች

ሒሳብ ባንኪ ተጠርጣሪ ብትእዛዝ ኮሚሽነር ክምርመር ምግባር፣ መረዳእታ ንምርካብ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ክእገድ ምግባር፣

9. ብመሰረት ሕግን ኣሰራርሓን መሰል ዘይምኽሳስ ክለዓል ብፊርማ ኮሚሽነር ምሕታት፣

10. ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ብመሰረት ሕጊ ሃፍቶምን ጥቕሚ ገንዘቦምን ከመዝግቡ ግቡእ ዘለዎም ሰብ መዝን ስራሕተኛታትን መዝጊቡ ምሓዝ ወይ ተመዝጊቦም ክተሓዙ ምግባር፣

11. ሃፍቶምን ገንዘቦምን ንዘየመዝገቡ ሰብ መዝን ሰራሕተኛታትን ኣመልኪቱ ጥቆማ ንዝቕርቡ ኣካላት ብመሰረት ሕጊ ክረኽብዎ ዝግባእ ጥቕሚ ምርካቦም የረጋግፅን ይከታተልን፣

12. ንመውፅእቲ ሕግን ኣካላት ዳይነትን ከይሓወሰ ንኣብያተ ፅዮ መንግስቲ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን ዘገልግሉ ደንብታት ስነ ምግባር ዝተዳለው ምዃኖም የረጋግፅ፣ ክዳለው ይገብርን ኣብ ተግባር ምውዓሎም ይከታተልን፣ ካብ መውፅእቲ ሕግን ኣካላት ዳይነትን ኣብ ኣደላልዋ ደንቢ ስነ ምግባር ሕቶ እንትቐርበሉ ምኽሪ ይህብ፣

13. ሕግታት ፀረ ግዕዝይናን ደንብታት ስነ ምግባርን ኣብ ተግባር ዝወዓሉ ምዃኖም ይከታተል፣ ንኣፈፃፅመኦም ጠቓሚ ምኽሪ ምሃብ፣



የባንክ ሂሳብ በኮሚሽነሩ ትእዛዝ እንዲመረመር የማድረግ፣ መረጃ የማግኘት እናአስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በፍርድ ቤት ትእዛዝ እንዲታገድ የማድረግ፣

9. በህግና አሰራር መሰረት ያለመከሰስ መብት እንዲነሳ በኮሚሽነሩ ፊርማ የመጠየቅ፣

10. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር በህግ መሰረት ሃብታቸውንና የገንዘብ ጥቅማቸውን እንዲያስመዘግቡ ግዴታ ያለባቸው ባለስልጣናትና ሰራተኞች መዝግቦ መያዝ ወይም ተመዝግቦ እንዲያዝ የማድረግ፣

11. ሃብትና ገንዘባቸው ያላስመዘገቡ የክልሉ ባለስልጣናት እና ሰራተኞች የሚመለከት ጥቆማ ለሚያቀርቡ አካላት በህግ መሰረት ማግኘት የሚገባቸውን ጥቅም ማግኘታቸው ያረጋግጣል፣ ይከታተላል፣

12. ለህግ አውጪውና የዳኝነት አካላትን ሳይጨምር ለመንግስት መስርያ ቤቶች፣ ለመንግስት የልማት ድርጅቶችና ለህዝባዊ ድርጅቶች የሚያገለግሉ የስነ ምግባር ደንቦች መዘጋጀታቸው ማረጋገጥ፣ እንዲዘጋጁ ማድረግ፣ በተግባር መዋላቸውን መከታተል፣ ከህግ አውጪው እና ከዳኝነት አካላት ጥያቄ ሲቀርብለት በስነ ምግባር ደንብ አዘገጃጀት ረገድ ምክር ይሰጣል፣

13. የፀረ ሙስና ሕጎችና የስነ ምግባር ደንቦች በተግባር ላይ መዋላቸውን መከታተል ለአፈፃፀማቸው ጠቃሚ ምክር መስጠት፣

14.ኣብ ምዕራይን ክስን ዝርከቡ ገበናት ግዕዝይናን ኣብ ከይዲ ፍርዲ ዘሎ ክሲ ገበን ግዕዝይናን ብመሰረት ሕጊ ንረብሓ ህዝቢ ክሲ ምልዓል፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን ፣

15.ብገበን ዝተረኸበ ጥቕሚ ክምለስ ብምግባር ብገበን ግዕዝይና ክሲ ዝተመስረተሎም ወይ ኣብ ከይዲ ምዕራይ ዘለው ገበናት ግዕዝይና ብምቁራፅ ክውድኡ ምግባር፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን፣

16.ኣግባብ ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ግዕዝይናን ስነ ምግባርን ዝምልከት ፅንዓትን ምርምርን ምግባር፣ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንዘሳልጡ ኣካላት ምድጋፍ፣ ዕላማታት እቲ ኮሚሽን ንምስኻም ዝሕግዙ ፀብፃባትን ቴክኒካዊ ፅንዓታትን እናሐተመ ይዝርግሕ፣

17.ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ንገበን ግዕዝይና ዝጥቁሙን ዝምስክሩን ሓለዋ ኣካልን ውሕስነት ስራሕን ዝወሃበሉ ኩነታት የመቻቹ፣ ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ምግባር፣

18.ኣብ ምቅላስን ምክልኻልን ግዕዝይና ዕቡኽ ውፅኢት ዘምፅኡ ሰባት፣ ኣብያተ ዕዮን ትካላትን ኣወዳዲሩ ንሽልማት ዝበቕዕሉ ስርዓትን መለክዕን ምዝርጋሕን ኣብ ተግባር ምውዓልን፣

19.ተመሳሳሊ ዕላማ ምስ ዘለዎም ኣካላት ፌደራልን ክልልን ርክብ ምትሕብባር ስራሕ ይፈጥር፣



14. በምርመራና ክስ የሚገኙ የሙስና ወንጀሎችና በፍርድ ሂደት ያለ የሙስና ወንጀል ክስ በሕግ መሰረት ለህዝብ ጥቅም ማንሳት፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣ በደንብ ይወሰናል፣

15. በወንጀሉ የተገኘ ጥቅም እንዲመለስ በማድረግ በሙስና ወንጀል ክስ የተመሠረተባቸው ወይም በምርምራ ሂደት ላይ ያሉ የሙስና ወንጀሎች በማቋረጥ እንዲቋጩ ማድረግ፣ ዝርዝር አፈፃፀሙ በሚወጣ ደንብ ይወሰናል፣

16. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር ሙስናንና ስነ ምግባር በተመለከተ ጥናትና ምርምር ማድረግ፣ ተመሳሳይ ስራ ለሚሰሩ አካላት መደገፍ፣ የኮሚሽኑን ዓላማዎች ለማራመድ የሚረዱ ሪፖርቶች እና ቴክኒካዊ ጥናቶችን አሳትሞ ያሰራጫል፣

17. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር ለሙስና ወንጀል ጠቋሚዎችና ምስክሮች የአካል እና የሥራ ዋስትና ጥበቃ የሚሰጥበትን ሁኔታ ማመቻቸት፣ በህግ መሰረት ጥበቃ የማድረግ፣

18. ሙስናን በመታገልና በመከላከል ረገድ ጥሩ ውጤት ያስገኙ ሰዎችን ፣ መሥርያ ቤቶችን እና ድርጅቶችን አወዳድሮ ለሽልማት የሚበቁበት ሥርዓትና መሊኪያ መዘርጋትና ተግባራዊ ማድረግ፣

19. ተመሳሳይ ዓላማ ካላቸው የፌደራልና የክልል አካላት ጋር ግንኙነትና የሥራ ትብብር ይፈጥራል፣

20.ኣግባብነት ምስ ዘለዎም ኣካላት ብምትሕብባር ክፍልታት ክትትል ስነ ምግባር ንክጣየሹ ድጋፍ ይህብ፣ ነዚ ዕላማ ዘድልዩ ዝተፈላለዩ ኣወዳድባታት ፀረ ግዕዝይና ንክጣየሹ ምግባር ፣

21.ካብ ህዝቢ ሓበሬታ ዝረኽበሉን ንህዝቢ ሓበሬታ ዝህበሉን ሜላታት ይሕንፅን የፈፅምን፣

22.ብሕጊ ወይ ብቤት ፍርዲ ትእዛዝ እንተዘይ ኮይኑ ምስ ገበን ግዕዝይና ዝተተሓሓዙ ጥቆማታትን ምስክርነትን ብሚሽጥር ይሕዝ።

ዓንቀፅ 10. ምሃብ ውክልና ኣብ ምፅራይ ገበን ግዕዝይና

1. እዚ ኮሚሽን ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ካብ ዝተውሃቦ ከበድቲ ገበናት ግዕዝይና ወፃኢ ንምፅራይ ከቢድ ዘይኮነ ገበን ግዕዝይና ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ከምኩነታቱ ንኣካላት ገበን ምፅራይ ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ብውክልና ክህብ ይኽእል፣

2. በቢደረጅኡ ዘለው ኣካላት ምፅራይ ገበን ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ውክልና እንተዘይተዋሂቡዎም'ዉን ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 9 /4/ ኣብ ወሰን ስልጣን እዚ ኮሚሽን ዝወድቕ ገበን ግዕዝይና ምፍፃሙ ሓበሬታ እንትበፅሖም ወይ ብቐፅ ሓበሬታ እንትህልዎም ምፅራይ ክጅምሩ ኣለዎም፣ ኮይኑ ግን እቲ ምፅራይ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ንኮሚሽን ክፍልጡ ኣለዎም፣

20. አግባብነት ካላቸው አካላት ጋር በመተባበር የሥነ-ምግባር ክትትል ክፍሎች እንዲቋቋሙ ድጋፍ መስጠት፣ ለዚህ ዓላማ የሚያስፈልጉ የተለያዩ የፀረ-ሙስና አደረጃጀቶች እንዲቋቋሙ የማድረግ፣

21. ከህዝብ መረጃ የሚያገኝበትና ለህዝብ መረጃ የሚሰጥበት ዘዴዎችን ይቀይሳል፣ ያስፈፅማል፣

22. በህግ ወይም ብፍርድ ቤት ትእዛዝ ካልሆነ በስተቀር ከሙስና ወንጀል ጋር የተያያዙ ጥቆማዎችና ምስክርነት በሚስጢር ይይዛል።

አንቀፅ 10.በሙስና ወንጀል ምርመራ ውክልና ስለመስጠት

1. ኮሚሽኑ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 9 ንኡስ አንቀፅ 4 ከተሰጠዉ ከባድ የሙስና ወንጀል ውጪ ከባድ ያልሆነ የሙስና ወንጀል የመመርመር ውክልና በሙሉ ወይም በከፊል እንደሁኔታው ለትግራይ ክልል ፖሊስ ኮሚሽን የወንጀል ምርመራ አካላት ሊሰጥ ይችላል፣

2. በየደረጃው ያሉ የትግራይ ክልል ፖሊስ ኮሚሽን የወንጀል ምርመራ አካላት በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ውክልና ባይሰጣቸውም በዚህ አዋጅ አንቀፅ 9/4/ መሰረት በኮሚሽኑ የስልጣን ክልል የሚወድቅ የሙስና ወንጀል ለመፈፀሙ ጥቆማ ሲደርሳቸው ወይም በቂ ጥርጣሬ ሲኖራቸው ምርመራ መጀመር ይኖርባቸዋል፣ሆኖም ስለተጀመረው ምርመራ በ24 ሰዓት ዉስጥ ለኮሚሽን ማሳወቅ አለባቸው፣

3. ብመሰረት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተመልከተ እዚ ኮሚሽን፣

ሀ/ ሓበሬታእንትበፅሖ፦ ነቲ ጉዳይ ባዕሉ ወሲዱ ክፃርዮ ወይ

ለ/ ከቢድ ገበን ግዕዝይና ሓዊሱ በቲ ሓበሬታ ዝሃበ ኣካል ምፅራይ ክስራሕ ክገብር ይኽእል፣

4. እዚ ኮሚሽን ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝቐረበሉ ሓበሬታ ኣብ ዝሓፀረ እዋን መልሲ እንተይሃበ እንተተሪፉ ምፅራይ ዝጀመረ ኣካል ዝጀመሮ ምፅራይ ወዲኡ ምርመራ መዝገቡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ከሳሲ ኣካል ከማሓላልፎ ኣለዎ፣

5. እዚ ኮሚሽን ብቐጥታ ዝበፅሖ ሓበሬታ ወይ ብመሰረት ብኻልእ መልክዑ ዝረኸቦ መረዳእታ ዝጀመሮ ምፅራይ ገበን ግዕዝይና ብኻልኦት ኣካላት ክፃረ ክገብር ይኽእል፣ ዝፃረ መዝገብ ዝተሓላለፈሉ ዝኾነ ኣካል ምፅራይ ከካይድ ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 11. ምሃብ ውክልና ኣብ ምምስራት ክሲ ገበን ግዕዝይና

1. እዚ ኮሚሽን ካብ ውሽጢ ዝተውሃቦ ስልጣን ምኽሳስን ምክርኻርን ከቢድ ዘይኮነ ገበን ግዕዝይና ንክልል ቢሮ ፍትሒ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብውክልና ክህብ ይኽእል፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ እንተሃለወ'ውን ብውክልና ተዋሂቡ ዝነበረ ክስን ክርክርን ገበን ግዕዝይና ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎ ባዕሉ እዚ ኮሚሽን ተቐቢሉ ክቕፅለሉ ይኽእል፣

3. ኣብዚ ኣዋጅ ድንጋገታት ዓንቀፅ 10ን 11ን ዝምልከት ዝርዝር መምርሒ ብኮሚሽን

3. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 በተመለከተው መሰረት ኮሚሽኑ ሪፖርት ሲደርሰው፣

ሀ/ጉዳዩን እራሱ ወስዶ ሊያጣራው ወይም፣

ለ/ከባድ የሙስና ወንጀልን ጨምሮ ምርመራው ሪፖርት ባደረገው የምርመራ አካል እንዲሰራ ሊያደርግ ይችላል፣

4. ኮሚሽኑ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት በሚቀርብለት ሪፖርት መሰረት መልስ ሳይሰጥ ከቀረ ምርመራ የጀመረው አካል የተጀመረው ምርመራ በማጠናቀቅ የምርመራ ፋይሉን ክስ ለመመስረት ስልጣን ላላው አካል ማስተላለፍ አለበት፣

5. ኮሚሽኑ በቀጥታ በሚደርሰው ጥቆማ ወይም በሌላ መልኩ በሚያገኘው መረጃ መሰረት የጀመራቸውን የሙስና ወንጀል ምርመራዎች በሌሎች የምርመራ አካላት እንዲመረመር ሊያደርግ ይችላል፣ የምርመራ ፋይል የተላለፈለት ማንኛውም አካል ምርመራውን ማከናወን አለበት።

### አንቀፅ 11. በሙስና ወንጀል ክስ መመስረት ውክልና ስለመስጠት

1. ኮሚሽኑ ከተሰጠው የመክሰስና የመከራከር ስልጣን ውስጥ ከባድ የሙስና ወንጀል ያልሆነ ለክልሉ ፍትህ ቢሮ በሙሉ ወይም በከፊል በውክልና መስጠት ይችላል፣

2. በዚህ አንቀፅ ድንጋጌ ንኡስ አንቀፅ 1 ቢኖርም አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው በውክልና ተሰጥቶ የነበረው የሙስና ወንጀል ክስና ክርክር ኮሚሽኑ ራሱ ተቀብሎ ሊቀጥልበት ይችላል፣

3. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 10 እና 11 ድንጋጌዎች በተመለከተ ዝርዝር መመሪያ በኮሚሽኑ

ይወፅእ፣

4. ኣብዚ ኣዋጅ ድንጋገታት ዓንቀፅ 10ን 11ን ዝተደንገገ ሕሉው ኮይኑ ብዚ ኮሚሽን ውክልና ዘይተዋሃቦ ኣካል ኣብ ስልጣን ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ክልል ትግራይ ዝወድቕ ገበን ግዕዝይና ክኽስስ ኣይኽእልን ።

ዓንቀፅ 12.ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽነር

1. ዋና ፈፃሚ ስራሕ ብምዃን ስራሕቲ እቲ ኮሚሽን የተሓባብር፣ ይመርሕ፣ የማሓድር፣

2. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዝወፅአ መመሓደሪ ደንቢ ዕላማ ፈፀምቲ ስራሕተኛታትን ብሕጊ ሲቪል ሰርቪስ እዚ ክልል ዝመሓደሩ ሰራሕተኛታትን ይቆፅር፣ የመሓድርን የሰናብትን፣ መተሓዳደሪ ደንቢ ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታት ስራሕ ፈፃሚ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ የውፅእ፣

3. ብመሰረት ኣሰራርሓ ፋይናንስ ነቲ ኮሚሽን ዝተፈቐደ በጀት ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፣

4. ብገበን ግዕዝይና ንዝተጠርጠሩ ውልቀ ሰባት ብመሰረት ሕጊ ንክፃርዩ፣ ክኣስሩን ክኽሱን ንሰራሕተኛታት እዚ ኮሚሽን ስልጣን ይህብ፣

5. ኣብ ከይዲ ምዕራይ ንዘለው ዋኒናት ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ወይ ትካል ሒሳብ ባንኪ ከምኡ'ውን ትካላት ፋይናንስ ክፍትሽን ኣድላይ መረዳእታ ክእክብን ትእዛዝ ክህብ ይኽእል፣

ይወጣል፣

4. በዚህ አዋጅ አንቀፅ 10 እና 11 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ከኮሚሽኑ ውክልና ያልተሰጠው አካል በትግራይ ክልል የስነ-ምግባርና የፀረ-ሙስና ኮሚሽና ስልጣን የሚወድቅ የሙስና ወንጀል መክሰስ አይችልም።

አንቀፅ 12. የኮሚሽነሩ ስልጣንና ተግባር

1. ዋና ሥራ አስፈፃሚ በመሆን የኮሚሽኑ ስራዎች ያስተባብራል፣ ይመራል፣ ያሰተዳድራል፣

2. በዚህ አዋጅ መሰረት በሚወጣ ደንብ የሚተዳደሩ አላማ ፈፃሚ ሰራተኞችና በክልሉ ሰቪል ሰርቪስ ሕግ የሚተዳደሩ ሰራተኞች ይቀጥራል፣ያስተዳድራል፣ ያሰናብታል፣ የአላማ ፈፃሚ ሰራተኞች መተዳደርያ ደንብ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያወጣል፣

3. ለኮሚሽኑ የተፈቀደው በጀት በፋይናንስ አሰራር መሰረት ሥራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፣

4. በሙስና ወንጀል የተጠረጠሩ ሰዎች የኮሚሽኑ ሰራተኞች በህግ መሰረት ለመመርመር፣ ለመክሰስና ለማሰር እንዲችሉ ስልጣን ይሰጣል፣

5. ምርመራው በመከናወን ላይ ላሉ ጉዳዮች አስፈላጊ በሆነ ጊዜ ሰው ወይም ድርጅት የባንክ እንዲሁም በፋይናንስ ተቋማት ሂሳብ እንዲፈተሸ እና አስፈላጊ መረጃ እንዲሰበስብ ትእዛዝ መስጠት ይችላል፣

6. ኣባላት ቤት ምኽሪ እዚ ክልል ብገበን ግዕዝይና ተጠርጠርቲ ወይ ተኸሰስቲ ኮይኖም እንትርከቡ ንምዕራይን ንምኽሳስን ብመሰረት ሕግን ኣሰራርሓን መሰል ዘይምኽሳስ ክለዓል ናይ ምሕታት ስልጣን ይህልዎ፣
7. ኣፈፃፅማ ስራሕ፣ ገምጋምን ውፅኢትን ኮሚሽን ንርእሰ ምምሕዳር ፀብፃብ የቕርብ፣
8. ምስ ሳልሳይ ወገን ዝግበሩ ርክባት ነቲ ኮሚሽን ይውክል፣
9. ብመጠን ዘድሊ ቅልጥፍና ስራሕ፣ ስልጣኑን ተግባሩን ብኽፉል ንሓለፍቲ እቲ ኮሚሽንን ሰራሕተኛታትን ብውክልና ከተሓላልፍ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 13. ስልጣንን ተግባርን ምክትል ኮሚሽነር**

ተፀዋዕነት ምክትል ኮሚሽነር ንኮሚሽነር ኮይኑ፦

1. ናይዚ ኮሚሽን ሓደ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ይመርሕ፣
2. ተግባራት እዚ ኮሚሽን ብምሕንፃፅ፣ ብምውዳብ፣ ብምምራሕን ብምትሕብባርን ንኮሚሽነር ይሕግዝ፣
3. ኮሚሽነር ኣብ ዘይህልወሉ ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ።

**ዓንቀፅ 14. ዘበን ስራሕ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን**

1. ዘበን ስራሕ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን 6 ዓመት ይኸውን፣ ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ዳግም ክሽየሙ ይኽእሉ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ ኮሚሽነርን ምክትል ኮሚሽነርን፣

ሀ/ ብገበን ተኸሲሱ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብቤት ፍርዲ እንትረጋገፅን ካብ ስልጣኑ ዘልዕል ብቑዕ ምኽንያት ኮይኑ እንትርከብ፣

6. የክልሉ ምክር ቤት ኣባላት በሙስና ወንጀል ተጠርጣሪ ወይ ተከሳሽ ሆኖው ሲገኙ ለመመርመርና ክስ ለመመስረት በህግና አሰራር መሰረት ያለመከሰስ መብት እንዲነሳ የመጠየቅ ስልጣን ይኖረዋል፣
7. የኮሚሽኑ የሥራ አፈፃፀም፣ግምገማና ውጤቱ ለክልሉ ርዕሰ መስተዳደር ሪፖርት ያቀርባል፣
8. ከሶስተኛ ወገን ጋር የሚደረጉ ግንኙነቶች ኮሚሽኑን ይወክላል፣
9. ለሥራ ቅልጥፍና በሚያስፈልግ መጠን ስልጣኑና ተግባሩን በከፊል ለኮሚሽኑ ሃላፊዎች እና ሰራተኞች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል።

**አንቀፅ13. የምክትል ኮሚሽነሩ ስልጣንና ተግባር**

የምክትል ኮሚሽነሩ ተጠሪነት ለኮሚሽነሩ ሆኖ፦

1. የኮሚሽኑ አንድ የሥራ ሂደት ይመራል፣
2. የኮሚሽኑ ተግባሮች በማቀድ፣ በማደረጃት፣ በመምራትና በማስተባበር ኮሚሽነሩን ይረዳል፣
3. ኮሚሽነሩ በማይኖርበት እሱን ተክቶ ይሰራል።

**አንቀፅ 14. የኮሚሽነሩና የምክትል ኮሚሽነሩ የሥራ ዘመን**

1. የኮሚሽነሩና የምክትል ኮሚሽነሩ የሥራ ዘመን 6 ዓመት ይሆናል፣ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ በድጋሚ ሊሾሙ ይችላሉ፣
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተጠቀሰው እንዳለ ሆኖ ኮሚሽነርና ምክትል ኮሚሽነር፣

ሀ/ በወንጀል ተከሶ በፍርድ ቤት ጥፋተኛ መሆኑ ሲረጋገጥና ከስልጣኑ ለማንሳት ብቁ ምክንያት ሆኖ ሲገኝ፣

ለ/ ብምኽንያት ዝሓደሮ ሕማም ስርሑ ብኣግባቡ ክፍፅም እንተዘይኪኢሉን፣

ሐ/ ርኡይ ዝኾነ ክእለት ስራሕን ቅልጣፌን ዘይብሉ እንተኾይኑ ወይ እቲ ዝሾመ ኣካል እምነት እንትስእነሉ ቅድሚ ሽመት ዘበኑ ምእኻሉ ካብ ሓላፍነቱ ክለዓል ይኽእል።

ዓንቀፅ 15. ኩነታት ቁፃር ሰራሕተኛታት እዚ ኮሚሽን

1. እዚ ኮሚሽን ሓላፍነት ስርሑ ብዝግባእ ንምትግባር ዘድልዩዎ በዚ ኣዋጅ መሰረት ዝወፅእ ደንቢ ዝመሓደሩ ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታትን ብሕጊ ሲቪል ሰርቪስ ዝመሓደሩ ሰራሕተኛታትን ብመሰረት ክእለቶምን ስነ ምግባሮምንይቖፅር፣

2. ኣፈፃፅማ ቑፃር፣ ዕብየት፣ ስነ-ምግባር፣ ስንብት ስራሕን ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታት ብደንቢ ይውሰን።

ዓንቀፅ 16. መሰል ሰራሕተኛ ኮሚሽን

1. ሰራሕተኛ እዚ ኮሚሽን መንግስቲ እዚ ክልል ዘፅድቖ ስኬል መሃያ ይረክብ፣

2. ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛ እዚ ኮሚሽን ሕጋዊ ስራሕቲ ኣብ ምፍፃም እናሃለወ ንዝበፅሖ ተሓታትነት ብወፃእን ደገፍን ኮሚሽን ግልጋሎት ጥብቅና ይረክብ፣

3. ዕላማ ፈፃሚ ሰራሕተኛ ምስ ስርሑ ብዝተተሓሓዘ ኩነታት ንዝበፅሖ ጉድኣት ብመሰረት ሕጊ ካሕሳ ይረክብ፣

4. ዝርዝር ኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2ን3ን ብዝወፅእ ደንቢ ይውሰን።

ለ/ባደረበት ህመም ምክንያት ስራውን በአግባቡ ማከናወን የማይችል ሲሆንና፣

ሐ/ጉልህ የሆነ የሥራ ችሎታና ቅልጥፍና የሌለው ሲሆን ወይም የሾመው ኣካል እምነት ሲያጣበት የሥራ ዘመኑ ከማለቁ በፊት ከሃላፊነቱ ሊነሳ ይችላል።

አንቀፅ 15. ስለ ኮሚሽኑ ሰራተኞች የቅጥር ሁኔታ

1. ኮሚሽኑ ሥራውንና ሃላፊነቱን በተገቢው ለመተግበር የሚያስፈልጉት በዚህ አዋጅ መሰረት በሚወጣ ደንብ የሚተዳደሩ አላማ ፈፃሚ ሰራተኞችና በሲቪልሰርቪስ ሕግ የሚተዳደሩ ሰራተኞች በችሎታቸውና ስነ ምግባራቸው መሰረትይቀጥራል፣

2. የአላማ ፈፃሚ ሰራተኞች ቅጥር፣እድገት፣ ስነ-ምግባርና የስራስንብት አፈፃፀም በደንብ ይወሰናል።

አንቀፅ 16. የኮሚሽኑ ሰራሕተኞች መብት

1. የኮሚሽኑ ሰራተኛ የክልሉ መንግስት በሚያፀድቀው ስኬል ደመወዝ ያገኛል፣

2. የኮሚሽኑ አላማ ፈፃሚ ሰራተኛ ሕጋዊ ስራ እየፈፀመ እያለ ለሚደርስበት ተጠያቂነት በኮሚሽኑ ወጪና ድጋፍ የጥብቅና አገልግሎት ያገኛል፣

3. አላማ ፈፃሚ ሰራተኛ ከሥራው ጋር በተያያዘ ሁኔታ ለሚደርስበት ጉዳት በህግ መሰረት ካሳ ያገኛል፣

4. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2ና3 ዝርዝር አፈፃፀም በሚወጣ በደንብ ይወሰናል።

**ዓንቀፅ** 17.**በጀት**

በጀት እዚ ኮሚሽን ብመንግስቲ እዚ ክልል ዝምደብ ይኸውን።

**ዓንቀፅ** 18. **ሰነዳት ሒሳብ**

1. እዚ ኮሚሽን ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ክልልና ዝተማልአ ሰነድ ሒሳብ ይህልዎ፣
2. ናይዚ ኮሚሽን መዛግብቲ ሒሳብን ሰነዳት ንብረትን ብቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር እዚ ክልል ይምርመር።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ** 19.**ስልጣን ፖሊስነትን ዓቃቢ ሕግነትን እዚ ኮሚሽን**

ብዛዕባ ምፅራይን ምኽሳስን ኣብ ስነ ስርዓት መቕፅዒ ሕጊ ገበንን ካልኦት ሕግታትን ንፖሊስን ዓቃቢ ሕግን ዝተውሃበ ስልጣን ኣብ ውሽጢ እዚ ኣዋጅ ንዝተደንገጉ ዋኒናት ዝምልከት ነዚ ኮምሽን ተዋሂቡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ** 20. **ምጥያሽ ክፍልታት ክትትል ስነ ምግባር**

1. በብብርኩ ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ ትካላትን ኩነታት ስነ ምግባር ዘተሓባብሩን ዝከታተሉን ንሓለፍቲ እቲ ቤት ፅዮ ዘማኸሩን ክፍልታት ክትትል ስነ ምግባር ክጣየሹ ይገብር፣
2. ክፍሊ ክትትል ስነ ምግባር ተፀዋዕነቱ ንላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅዩ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል እዩ፣
3. ሓላፊ ክፍሊ ክትትል ስነ ምግባር ወይ ሰራሕተኛ ብናይ'ቲ ቤት ፅዮ ወይ ትካል ልምዓት መንግስቲ ላዕለዋይ ሓላፊ ደረቡ

**አንቀፅ** 17.**በጀት**

የኮሚሽኑ በጀት በክልሉ መንግስት የሚመደብ ይሆናል።

**አንቀፅ** 18.**የሂሳብ ሰነዶች**

1. ኮሚሽኑ በክልሉ የፋይናንስ ሕግ መሰረት የተሟላ የሂሳብ ሰነድ ይኖረዋል፣
2. የኮሚሽኑ የሂሳብ መዛግብትና የንብረት ሰነዶች በክልሉ ዋና ኦዲተር ፅሕፈት ቤት ይመረመራል።

**ክፍል ሦስት**

**የተለያዩ ድንጋጌዎች**

**አንቀፅ** 19.**ስለ ኮሚሽኑ የፖሊስነትና የአቃቤ ሕግነት ስልጣን**

ስለ መመርመርና መክሰስ በወንጀለኛ መቅጫ ህግ ስነ ስርአትና በሌሎች ሕጎች ለፖሊስ እና ለአቃቤ ህግ የተሰጠ ስልጣን በዚህ አዋጅ ውስጥ ለተደነገጉ ጉዳዮች ለኮሚሽኑ ተሰጥቷል።

**አንቀፅ** 20. **የስነ ምግባር መከታተያ ክፍሎች ማቋቋም**

1. በየደረጃው በሚገኙ የመንግስት መስርያ ቤቶች ፣ የልማት ድርጅቶችና ህዝባዊ ድርጅቶች ውሰጥ የስነ ምግባር ሁኔታ የሚያስተባብሩና ለመሰርያ ቤቱ የበላይ ሃላፊዎች የሚያማክሩ የስነ ምግባር መከታተያ ክፍሎች እንዲቋቋሙ ያደርጋል፣
2. የስነ ምግባር መከታተያ ክፍል ተጠሪነቱ ለመንግስት መስርያ ቤት የበላይ ሃላፊ ወይም ለመንግስት የልማት ድርጅት ወይም ለህዝባዊ ድርጅት ይሆናል፣
3. የስነ ምግባር መከታተያ ክፍል ሃላፊ ወይም ሰራተኛ መስርያ ቤቱ ወይም የልማት ድርጅቱ የበላይ ሃላፊ ደርቦ የሚሰራ ሰራተኛ

ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ይምድብ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅማ እዚ ዓንቀፅ ብደንቢ ይውሰን።

**ዓንቀፅ 21.ጉቡእ ምፍላጥን ምትሕብባርን ገበን ግዕዝይና**

1. መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ፣ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ባዕሉ ዝወስዶ ስጉምቲ ምምሕዳር ወይ ስነ-ምግባር ዝተሓለወ ኮይኑ ከቢድ ምጥሓስ ስነ-ምግባርን ገበን ግዕዝይናን ዝተፈፀመ ንምኻኑ ጥርጣረ እንትህልዎ ሽዑ ንሽዑ ንኮሚሽን ወይ ስልጣን ንዘለዎ መፃረይ ኣካል ግቡእ ምፍላጥ ኣለዎ፣
2. ዝኾነ በዓል ስልጣን ወይ ስራሕተኛ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ፣ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ኣብ ቤት ዕዮኡ ገበን ግዕዝይና ተፈፂሙ እዩ ወይ ክፍፀም ኣብ ምድላው ከምዘሎ ኣብ ዝጠርጠረሉ እዋን ነዚ ኮሚሽን ወይ ስልጣን ንዘለዎ መፃረይ ኣካል ግቡእ ምፍላጥ ኣለዎ፣
3. ዝኾነ ሰብ ምስ ስልጣንን ተግባርን እዚ ኮሚሽን ብዝተተሓሓዘ ንዝሕተቶ ምትሕብባርን ደገፍን ክትግብር ግቡእ ኣለዎ፣ብፍላይ ካብቲ ኮሚሽን ንዝቐርቡ ሕቶታት ደገፍ ቴክኒክን ሞያን ኣግባብ ዘለዎም ኣብያተ ዕዮ መንግስትን ትካላት ልምዓት መንግስትን ኣድላይ ደገፍ ክገበሩ ጉቡእ ኣለዎም፣
4. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ገበን ግዕዝይና ንምፅራይ ስልጣን ዘለዎ ዝኾነ መፃረይ ኣካል ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ዝኾነ ቤት ዕዮ መንግስቲ እዚ ክልል፣ትካል ልምዓት መንግስትን ህዝባዊ

ይመድባል፣ የዚህ አንቀፅ ዝርዝር አፈፃፀም በደንብ ይወሰናል።

**አንቀፅ 21.የሙስና ወንጀልን የማስታወቅና የመተባበር ግዴታ**

1. የመንግስት መስርያ ቤት ፣ የመንግስት ልማት ድርጅት ወይም የህዝባዊ ድርጅት ራሱ የሚወስደው የአስተዳደር ወይም የድስፕሊን እርምጃ እንደተጠበቀ ሆኖ ከባድ የስነ ምግባር ጥሰት እና የሙስና ወንጀል የተፈፀመ ለመሆኑ ጥርጣሬ ሲኖረው ወድያውኑ ለኮሚሽኑ ወይም ስልጣን ላለው የምርመራ አካል ሪፖርት የማድረግ ግዴታ አለበት፣
2. ማንኛውም የመንግስት መሥርያ ቤት ፣የመንግስት ልማት ድርጅት ወይም የሕዝባዊ ድርጅት ባለስልጣን ወይም ሠራተኛ በመስርያ ቤቱ ውስጥ ሙስና ተፈፅምዋል ወይም ሊፈፀም በዝግጅት ላይ ነው ብሎ በሚጠረጥርበት ጊዜ ለኮሚሽኑ ወይም ስልጣን ላለው የምርመራ አካል የማስታወቅ ግዴታ አለበት፣
3. ማንኛውም ሰው ከኮሚሽኑ ስልጣንና ተግባር ጋር በተያያዘ ለሚጠየቀው ትብብር እና ድጋፍ ሊተገበር ግዴታ አለበት፣ በተለይም ከኮሚሽኑ የሙያና የቴክኒክ ድጋፍ የሚቀርቡ ጥያቄዎች አግባብነት ያላቸው የመንግስት መስሪያ ቤቶችና የልማት ድርጅቶች አስፈላጊ ድጋፍ የመስጠት ግዴታ አለባቸው፣
4. በዚህ አዋጅ መሰረት የሙሰና ወንጀልን የመመርመር ስልጣን ያለው ማንኛውም መርማሪ አካል በማንኛውም ጊዜ በማንኛውም የክልሉ መስርያ ቤት ወይም የልማት

ትካልን ብምኻድ ወይ ብፅሑፍ ንስራሕቲ ምፅራይ ኣግባብ ዘለዎ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ ክወሃቦ ወይ ከሪኦ ክሓትት ይኽእል፣ ኣብ ዝኾነ ቤት ፅዬ መንግስቲ ወይ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል እዚ ክልል ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ገበን ግዕዝይና ንምፅራይ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል እንትሕተት ኣድላይ መረዳእታ ንኽርኢ ወይ ንኽቕርብ ጉቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 22.ቅፅዓት

1. ዝኾነ ሰብ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ ዝሃበ ሰብ ተፅዕኖ ንምግባር ወይ ጉድኣት ንምብፃሕ ዝፈተነ ወይ ጉድኣት ዘብፀሐ ወይ ነዚ ሰብ እዚ ንምቕፃዕ ዝፈተነ ወይ ዝቐፅዐ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ዘይንእስ ካብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሽዱሽተ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ዒስራን ሓሙሽተን ሽሕ ብር ዘይብለፅ ገንዘብ ይቕፃዕ፣
2. ዝኾነ ሰብ ኮነ ኢሉ ነዚ ኮሚሽን ንምግጋይ ወይ ንካሊእ ሰብ ንምጉዳእ ሓሲቡ ሓሰተኛ ፀብፃብ፣ ጥቆማ ወይ ሓበሬታ ነዚ ኮሚሽን ዘቕረበ ካብ ሓደ ዓመት ዘይነኣሰ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእስርትን ካብ ሰለስተ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ዘይበልፅን ብገንዘብ ይቕፃዕ፣
3. ዝኾነ ሰብ ሰራሕተኛ እዚ ኮሚሽን መሲሉ ብምቕራብ ስራሕቲ ምትላል ዝፈፀመ እንተኾይኑ ካብ ሰለስተ ዓመት ዘይንእስ ካብ ዓሰርተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእስርትን ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ዓሰርተ



ድርጅት ወይም ህዝባዊ ድርጅት በመሄድ ወይም በፅሑፍ በመጠየቅ ለምርመራ ስራው አግባብነት ያለው መረጃ እንዲሰጠው ወይም እንዲያሳየው መጠየቅ ይችላል፣ በማንኛውም የክልሉ መንግስታዊ መስርያ ቤት ወይም የልማት ድርጅት ወይም ህዝባዊ ድርጅት ያለ ሃላፊ ወይም ሰራተኛ የሙሰና ወንጀልን ለመመርመር ስልጣን ባለው አካል ሲጠየቅ አስፈላጊ መረጃ የማሳየት ወይም የማቅረብ ግዴታ አለበት።

## አንቀፅ 22.ቅጣት

1. ማንኛውም ሰው በማንኛው ጠቋሚ ላይ ተፅእኖ ለማድረግ ወይም ጉዳት ለማድረስ የሞከረ ወይም ያደረሰ ወይም ይህንኑ ሰው ለመቅጣት የሞከረ ወይም የቀጣ እንደሆነ ፣ከሦስት ዓመት በማያንስ ከአስራ አምስት ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራትና ከስድስት ሺህ ብር በማያንስ ከሃያ አምስት ሺህ ብር በማይበልጥ መቀጮ ይቀጣል፣
2. ማንኛውም ሰው ሆን ብሎ ኮሚሽኑን ለማሳሳት ወይም ሌላውን ሰው ለመጉዳት በማሰብ ሐሰተኛ ሪፖርት፣ ጥቆማ ወይም መረጃ ለኮሚሽኑ ያቀረበ ከአንድ ዓመት በማያንስ ከአምስት ዓመት በማይበልጥ ጽኑ እሥራትና ከሦስት ሺ ብር በማያንስ ከአሥር ሺ ብር በማይበልጥ በገንዘብ ይቀጣል፣
3. ማንኛውም ሰው የኮሚሽኑ ሠራተኛ መስሎ በመቅረብ የማታለል ሥራ የፈፀመ እንደሆነ ከሦስት ዓመት በማያንስ ከአሥር ዓመት በማይበልጥ ጽኑ እስራት እና ከአምስት ሺ ብር በማያንስ ከአሥራ አምስት ሺ ብር

ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዘይበልፅን ብገንዘብ ይቕፅዕ፣

4. ዝኾነ ሰብ ኣብዚ ኣዋጅ ብመሰረት ዓንቀፅ 21 ንኡስ ዓንቀፅ 3 ወይ 4 ብዝተሓገገ ነዚ ኮሚሽን ምትሕብባር እምቢተኛ እንተድኣ ኮይኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ዘይንእስ ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዘይበልፅ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዘይበልፅን ብገንዘብ ይቕፅዕ፣

5. ዝኾነ ሰብ ስራሕቲ እዚ ኮሚሽን ዘዕንቀፈ ወይ ንምዕንቃፍ ዝፈተነ እንተኾይኑ ካብ ክልተ ዓመት ዘይንእስ ካብ ዓሰርተ ዓመት ዘይበልፅ ፅኑዕ ማእሰርትን ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ዒስራ ሽሕ ብር ዘይበልፅን ብገንዘብ መቕፃዕቲ ይቕፃዕ፣እቲ ገበን ዝተፈፀመ ሓይሊ ብምጥቃም እንተኾይኑ እቲ ቅፅዓት ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ዝተደንገገ ዝለዓለ ቅፅዓት ይኸውን፣

6. ምዕራይ ገበን ግዕዝይና ክጅምር ምዃኑ ወይ ኣብ ከይዲ ምዕራይ ምዃኑ እናፈለጠ ብዛዕባ እቲ ዝተፈፀመ ተግባር ካብ ፍቓድ እቲ ምዕራይ ዝሓዘ ክፍሊ ወይ ኣካል ወፃኢ ምግላፅ ምዕሓፍን ምብታንን ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ዘይንእስ ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዘይበልፅ ማእሰርትን ካብ ሓደ ሽሕ ብር ዘይንእስ ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ብር ዘይበልፅን ብገንዘብ ይቕፃዕ፣

7. ዝኾነ በዓል ስልጣን ወይ ሰራሕተኛ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ፣ ትካል ልምዓት መንግስቲ ወይ ህዝባዊ ትካል ኣብ ዝሰርሓሉ ቤት ዕዮ ወይ ትካል ገበን ግዕዝይና ምፍፃሙ እናፈለጠ ስልጣን ምዕራይ ገበን ግዕዝይና ንዘለዎ ኣካል



በማይበልጥ በገንዘብ ይቀጣል፣

4. ማንኛውም ሰው በዚህ አዋጅ አንቀጽ 21 ንኡስ አንቀጽ 3 ወይም 4 በተደነገገው መሰረት ኮሚሽኑን ለመተባበር እምቢተኛ የሆነ እንደሆነ ከስድስት ወር በማያንስ ከአራት ዓመት በማይበልጥ እስራት እና ከአንድ ሺ ብር በማያንስ ከአምስት ሺ ብር በማይበልጥ በገንዘብ ይቀጣል፣

5. ማንኛውም ሰው የኮሚሽኑ ሥራ ያደናቀፈ ወይም ለማደናቀፍ የሞከረ እንደሆነ ከሁለት ዓመት በማያንስ ከአስር ዓመት በማይበልጥ ፅኑ እስራት እና ከአምስት ሺ ብር በማያንስ ከሃያ ሺ ብር በማይበልጥ የገንዘብ መቀጮ ይቀጣል፣ወንጀሉ የተፈጸመው ኃይል በመጠቀም የሆነ እንደሆነ ቅጣቱ በዚሁ ንዑስ አንቀፅ የተደነገገው ከፍተኛ ቅጣት ይሆናል፣

6. የሙስና ወንጀል ምርመራ ሊጀመር ስለመሆኑ ወይም በምርመራ ላይ ስለመሆኑ እያወቀ ስለተፈጸመው ድርጊት ምርመራውን ከያዘው ክፍል ፍቃድ ውጭ መግለጽ፣ መፃፍና ማሰራጨት ከስድስት ወር በማያንስ ከአራት ዓመት በማይበልጥ እስራት እና ከአንድ ሺ ብር በማያንስ ከአምስት ሺ ብር በማይበልጥ በገንዘብ ይቀጣል፣

7. ማንኛውም የመንግስት መሥርያ ቤት፣ የመንግስት ልማት ድርጅት ወይም የህዝባዊ ድርጅት ባለሥልጣን ወይም ሰራተኛ በሚሰራበት መስሪያ ቤት ወይም ድርጅት የሙስና ወንጀል ስለመፈፀሙ እያወቀ

እንተየፍለጠ እንተተረፉ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝበፅሕ ቀሊል ማእሰርትን ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ ብር ዝበፅሕ መቕፃዕቲ ገንዘብ ይቕፃዕ፣

8. ኣብዚ ዓንቀፅ ድንጋገታት ንኡስ ዓንቀፅ 1፣2፣3፣4ን 5ን ዝተፈፀሙ ገበናት ብመሰረት ሕጊ ገበን ተሓታቲ ዝኾውን ሕጋዊ ሰብነት ብዘለዎ ትካል እንተኾይኑ እቲ ቕፅዓት ገንዘብ 5 ዕፅፊ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 23. መሰጋገሪ ድንጋገ**

ቅድሚ እዚ ኣዋጅ ኣብ ስራሕ ምውዓሉ ከይዲ ምፅራዩም ተጀሚሩ ዝፀንሐን ኣብ ኢድ ዓቃቢ ሕግን ቤት ፍርድን ዝርከቡ ገበናት ግዕዝይና በቲ ዝፀንሐ ኣገባብ ቀፂሎም ውሳነ ይረኽቡ።

**ዓንቀፅ 24. ስልጣን ምውፃእ ደንቢ**

ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብዞም ዝስዕቡ ዋኒናት ስልጣን ምዉፃእ ደንቢ ኣለዎ፦

1. ገበናት ግዕዝይና ብድርድር ዝውድእሉ ኩነታት፣
2. ኣብ ምፅራይን ክስን ዝርከቡ ገበናት ግዕዝይናን ኣብ ከይዲ ፍርዲ ዘሎ ክሲ ገበን ግዕዝይና ብመሰረት ሕጊ ዝለዓለሉ ኩነታት፣
3. ብገበን ዝተረኸበ ጥቕሚ ክምለስ ብምግባር ብገበን ግዕዝይና ክሲ ዝተመስረተሎም ወይ ኣብ ከይዲ ምፅራይ ዘለው ገበናት ግዕዝይና ብምቁራፅ ዝውድእሉ ኩነታት፣
4. ኣፈፃፅማ ኩነታት ቑፃር፣ዕብየት፣ ስነ-ምግባር፣ ስንብት ስራሕን ፅላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታት ዝምልከት፣

የሙስና ወንጀልን ለመመርመር ስልጣን ላለው አካል ሳያሳውቅ የቀረ እንደሆነ እስከ አምስት አመት በሚደርስ ቀላል እስራት እና እስከ አሥር ሺ ብር በሚደርስ መቀጮ ይቀጣል፣

8. በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀፅ 1፣2፣3፣4 እና 5 የተደነገጉ ወንጀሎች የተፈፀሙት በወንጀል ህግ መሰረት ተጠያቂ ለመሆን የህግ ሰውነት ባለው ድርጅት በሆነ ጊዜ የገንዘብ ቅጣቱ 5 እጥፍ ይሆናል።

**አንቀፅ 23.የመሸጋገርያ ድንጋጌ**

ይህ አዋጅ በሥራ ላይ ከመዋሉ በፊት የምርመራ ሂደታቸው የተጀመረና በአቃቤ ሕግና በፍርድ ቤት በመታየት ያሉ የሙስና ወንጀሎች በነበሩበት ሁኔታ ቀጥለው ውሳኔ ያገኛሉ።

**አንቀፅ 24. ደንብ የማውጣት ስልጣን**

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የሥራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚከተሉት ጉዳዮች ደንብ የማዉጣት ስልጣን አለዉ፦

1. የሙስና ወንጅሎች በድርድር ስለ ሚጠናቀቁበት ሁኔታ፣
2. በምርመራና ክስ እንዲሁም በፍርድ ሂደት ያለን የሙስና ወንጀል ክስ በሕግ መሰረት ስለሚነሳበት ሁኔታ፣
3. በወንጀል የተገኘ ጥቅም እንዲመለስ በማድረግ በሙስና ወንጀል ክስ የተመሠረተባቸው ወይም በምርምራ ሂደት ያሉ የሙስና ወንጀሎች በማቋረጥ ስለሚጠናቀቅበት ሁኔታ፣
4. የአላማ ፈፃሚ ሰራተኞች የቅጥር ሁኔታ፣ እድገት፣ስነ-ምግባርና የስራ ስንብት አፈፃፀም በሚመለከት፣

5. ዝርዝር ኣፈፃፅማ ሓላፊ ክፍሊ ክትትል ስነ ምግባር ወይ ሰራሕተኛ ብቤት ዕዮ ወይ ትካል ልምዓት ወይ ህዝባዊ ትካል ላዕለዋይ ሓላፊ ደሪቡ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ምምዳብ ዝምልከት፣

6. ሰራሕተኛታት ኮሚሽን ሕጋዊ ስራሕቲ እናፈፀሙን ዝበፅሖም ተሓታትነት ብወፃኢ ኮሚሽን ዝወሃብ ደገፍን ግልጋሎት ጥብቅናን፣

7. ዕላማ ፈፀምቲ ሰራሕተኛታት ምስ ስርሖም ዝተተሓሓዘ ንዝበፅሖም ጉድኣት ዝረኽብዎ ጉድኣት ካሕሳ።

**ዓንቀፅ 25.ስልጣን ምውፃእ መምርሒ**

ኮሚሽን ኣብዞም ዝስዕቡ ዋኒናት መምርሒ ክዉፅእ ስልጣን ኣለዎ፣

1. ኣብ ምዕራይ ገበን ግዕዝይና ዝወሃብ ውክልና፣
2. ኣብ ምምስራት ክሲ ገበን ግዕዝይና ዝወሃብ ውክልና ።

**ዓንቀፅ 26.ተፈፃምነት ዘይብሉ ሕጊ**

ቑፅሪ ኣዋጅ 208/2003 በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 27.ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ**

እዚ ኣዋጅ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዘፅደቐሉ ዕለት ጥሪ 25/2008ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸዉን።

**ኣባይ ወልዱ**

**ፕረዚዳንት**
**ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**
**<u>መቐለ</u>**



5. የስነ ምግባር መከታተያ ክፍል ሃላፊ ወይም ሰራተኛ በመስርያ ቤቱ ወይም በልማት ድርጅቱ ወይም ህዝባዊ ድርጅት የበላይ ሃላፊ ደርቦ የሚሰራ ሰራተኛ መመደብ በሚመለከት፣

6. የኮሚሽኑ ሰራተኞች ህጋዊ ስራ እየፈፀሙ ለሚደርሳቸው ተጠያቂነት በኮሚሽኑ የሚሰጥ ድጋፍና የጠበቃ አገልግሎት፣

7. አላማ ፈፃሚ ሰራተኞች ከስራቸው ጋር በተያያዘ ለሚደርሳቸው ጉዳት ካሳ የሚያገኙበት ሁኔታ።

**አንቀፅ 25.መመሪያ የማውጣት ስልጣን**

ኮምሽኑ በሚከተሉት ጉዳዮች መመርያ የማዉጣት ስልጣን አለዉ፣

1. በሙስና ወንጀል ምርመራ ውክልና መስጠት
2. በሙስና ወንጀል ክስ ለመመስረት ውክልና መስጠት።

**አንቀፅ 26.ተፈፃሚነት የሌለው ህግ**

አዋጅ ቁጥር 208/2003 ዓ.ም በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

**አንቀፅ 27.የአዋጁ ተፈፃምነት**

ይህ አዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ከፀደቀበት ጥር 25/2008 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**አባይ ወልዱ**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት**
**ፕረዚደንት**
**<u>መቐለ</u>**